ንወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲን ከተማ ኣላማጣ ግልጋሎት ዝውዕል ኤሌክትሮኒክስ፣ ፈርኒቸር፣ ፅሕፈት መሳርሒን፣ ኣናእሽቲ ኣቕሑት፣ ፅሬት ኣቕሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 10, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 24, 2011 6:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ራያ ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 24, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት ንዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትጫረቱ ይዕድም።

1 ብዘርፆ ንግዲ ፍቃድ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድን ናይ መቅረባይነት ዘለኩም ቫት ዝተመዝገብሉ ሰርትፊኬትን ዘቕርቡ፤

2 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ፅሬት ኣቕሑት፣ ኣናእሽቲ ኣቕሑት ብዝምልከት ትሕቲ ቫት ንግዲ ፍቃድ ይምልከቶም እዩ።

3 ናይቶም ንብረት ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ 20.00 ብር ብምኽፋል ካብ ዕለት 09/05/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ብምውሳድ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ፖስታ ብምእሻግ ናይ ተጫራቲ ሽምን ፊርማን ማህተምን ብምቕራብ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክፍሊ ቁፀሪ 01 ምእታው ይከኣል።

4 እቲ ጨረታ ዕለት 24/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 6:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ኣላማጣ ይኽፈት።

5 ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ ብር 3000.00 ብገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ዝተረጋገፀ ከትሕዝ ዝኽእል

6 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት ጠቕላላ ዋጋ ብር 10% መኽበሪ ውዕሊ ብሲፒኦ (ብገንዘብ) ከትሕዝ ዝኽእል

7 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ እቲ ዝተስማዕምዕሉ ዕለት እንተዘይኣቕሪቦም ንመኽበሪ ውዕሊ 10% ዘትሐዝዎ ገንዘብ ብቅፅዓት ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኾን

8 ጨረታ ሰዓራይ መቅረቢ እቲ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ኣብ ውሽጢ 10^{+} መዓልቲ ኣታዊ ይገብርን ዘሸነፍዎ ንብረት ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ናብ ቤት ዕዮና የቕርቡ።

9 ካብቲ ዝተጠቀሰ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ ተባሂሉ ከቅምጥን ኣብቲ ስፔስፊኬሽን ዘይተነፀረ ንብረት ምቕማጥን ኣይፍቀድን ውድቂ ይኸውን።

10 በቲ ዝወፀ ስፔስፊኬሽን መሰረት ፅሬቶም ዝሓለወን ኦርጂናል ዝኾነ ምኂኖምን ኣረጋጊፁ ክመልእ ይግባእ።

11 እቲ ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle